# ዮሃና! ናጽነትና ክብረትና፡ ምንጪ ህላዌና መንነትና!!

24-05-2011

**<u>መርሓባ መሶብ ናጽነትና !</u>**

ዓሚቝ ባህታ ፈጢርክልና ብቕሳነት ክንዝምር።
ሃገረይ ናጽነተይ እናበልና፡ ብሓበን ብዓውታ ክንጭድር።
ጽንዓታ ሰሚዕና ንያትና ይሃጥር፤ ታሪኻ ነቢብና መትከልና ይተርር።
ብሳላኺ እኮ'ና ኰሪዕና፡ መንነትና ንሕብር፤ ብሓበን ብፍናን ኤርትራውነትና ንነግር።
ክብርታትና ተኾሊዑ ንዋርሳይ ምእንቲ ኪሰግር፤ ብዓቕምና ንቃለስ፡ ነረድእ ንመክር።
ኣይንርስዖን ግን፡ ንዝሓተተትክዮ ረዚን ዋጋ፥ በናጢስኪ ንኽትወጺ ናይ ገዛእቲ ምንጋጋ።
ዓለም'ኳ ብኽውንነት ተገዲዳ፡ ተመንጊጋ፤ ነጻ ኤርትራ ንኽትቅበል ብዘይ ዋጋ ዕዳጋ።
ኵሉ'ቲ ዝተኸፍለ ክቡር ሂወት ዝተበጃጀለ ስጋ፤ ዝነጠቓ ኣዒንቲ ዝፈራረሰ ምንጋጋ።
ዝተበታተነ መዓናጡ፡ ዝተቐራረጸ ዳንጋ፤ ስኡድ'ዩ ኣብ ሕልናና ዘይጠፍእ ብኣጋ።
ሳላኺ እኮ'የ ኤርትራዊ ክበሃል በቒዐ፤ ባንዴራኺ ክትስቀል ብሓጎስ ነቢዐ።
ብኣኺ ተሓቢነ ብልቢ ኰሪዐ፤ ንኣምላኽ ኣመስጊነዮ ንስሙ ጸዊዐ።
ንስውኣትና'ውን ዘኪረዮም፡ ጥዋፈይ ወሊዐ።
ሕድሮም ንኽፍጽም መብጽዓይ ኣስሚዐ።
ኣነ ግዳ ባዕለይ፡ ዝቐሓምኩዎ ሓመዳ።
ጥዑምን ሕሱሙን ጥዒመ ኣብ ከብዳ።
ደቅናውን እንተኾነ ገና ዘይፈልጡዋ፤
ስማ'ኳ ገና ዘይመለኹ <u>ኤትላ!</u> ዝብሉዋ፤
በጋጣሚ ኪጥቀስ እንከላ እንተሰምዑዋ፤
ቀልቦም'ያ ትስለብ ብጋህዲ እናረኣዩዋ።
ከም ማግነት ዝስሕብ፡ ገለ ግዲ ኣልዩዋ።
ብስሙር ጽንዓትካ'ዩ ህዝበይ ተሰጊሩ ጸበባ።
ዓለም እዛ ወያል'ስባ ኣሻርያ፡ ንዓመጽቲ ስዒባ።
ንሓቅና ክትጕዕጽጽ ዓሊቓ፡ ትሕዝቶ ሓሶት ኣንቢባ።
ዘንጊ ሓቅና ግን፡ ከምቲ ንቡር ዘሎ ጭብጥታት ኣቕሪባ፤
ኣብ ቤት ፍርዲ መጕታ ብሕጊ'ያ ረቲዓቶም ሕፍረት ኣጕልቢባ።
ዓወት ነቶም ሓለውቲ ሃገር ንሰራሕቲ-ቅያ፡ ወፋሮ ዋርሳይ ይከኣሎ።
ኤረና ንልምዓት እትምርሽሉ ትሕተ ቕርጽታት እነሆ ኣብ ኵሉ ይዳሎ።
ርእሰ ምርኮሳ ብስራሕ ኣሚንና ንቕበሎ፤ ንተጸባይነት ልማኖ ከኣ ኔው ንብሎ።
ህዝብና ብውሁድ ቅኒት ሓባራዊ ንቕሎ፤ ፋሕቲሩ ራህዋ ከምጽእ ዓጢቑ'ዩ ዘሎ።
ድኽነት ኣጥፊኡ ከወግድ ሰለሎ፤ ዓለም እንተተማሂራትሉስ እነሆ ኣብነት ኰይኑ'ሎ።
ብልብና ነኽብረኪ ናጽነት፡ ኵልና ብስምረት፤ ብዘይካኺ የሎን ሂወት፡ ወላሂ! ብኡነት።
ምስጋና ነቶም ምዑታት፡ ህዝባዊ ሰራዊት፤ ሃዋርያ ልምዓት፡ ዋሕስ ነጻነት ሉኣላውነት።
ሕጂውን ግድነት፡ ሓፋሽ ህዝብና ኪዕወት፥ ኪገርመን ዓለማት፥ ኪቐስኑ ከኣ ሰማእታት።

ዮሃና ዮሃና! ደቂ ኤረ እንቋዕ ሓጎሰና! 20 ዓመት ነጻነትና! ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !! ብመትከል ኣስመሮም ስቶኮልም ሽወደን 2011።